# መግለፂ ቅዋም

## ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ
## ዋሽንግተን ዲሲ ሜሪላንድን ቨርጅንያን

(Emergency Response Task Force to Support Displaced Tigreans
Washington DC, Maryland and Virginia)

ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፣ ሜሪላንድን ቨርጅንያን እንነብር ተወለድቲ ትግራይ፤ ብቱ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ክልል ኣምሓራ፣ ብሰንኪ ፀረ-ሰላም ፀረ-ማዕርነትን ፀረ-ሓድነትን ፅንፈኛ ሓይልታት ተፈጢሩ ብዘሎ ንትግራዋይ መንነት ዝጠመተ መጥቃዕቲ፣ ንነዊሕ ዓመታት ካብ ዘጥረዩዎ መነባብሮኦም ገዝኦምን ንብረቶምን ተመዛቢሎም ዘለው ተጋሩ ኣመልኪቱ ረድኤት ተተኣኻኺብ ተግባሪት ኮሚቴ ኣጣይሽና ኣለና። ብዙ ኣጋጣሚ እዚ እውን ብሰንኪ እቱ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ንዝጠፍአ ህይወት ሰብን ንብረትን ዝተሰምዐና ዕሙቕ ሓዘን ንገልፅ።

እዛ ንኹልና ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ዝወከለት ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ፣ ድሕሪ ንውሕ ዝበለ መፅናዕትን ርክባትን ዝተጣየሸት እንትትኸውን፤ ትማሊ 5 ጳጉሜን 2008 ዓ.ም. (September 10, 2016) ኣብ ዝገበረቶ መጠቓለሊ ኣኼባ ዝርዝር መደባት ስራሕታን ሰሌዳ ግዜን ብምሕንፃፅ፣ መካየድቲ ስራሕ እውን ብምስያም ብዕሊ ናብ ስራሕ ኣትያ ኣላ።

ቀንዲ ዕማም እዛ ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ ንኩሎም ተወለድቲ ትግራይ ብምልዕዓል ንተመዛበልቲ ተጋሩ ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ምትእኽኻብ፤ ናብቱ ብደረጃ ትግራይ ተጣዩሹ ዘሎ ብሄራዊ ኮሚቴ ምትሕልላፍን፣ ብመጥቃዕቲ ንዝተመዛበሉ ወገናትና ክበፅሖ ምግባርን እዩ።

ሕጊ ኣሜሪካ ብዝፈቕዶ ኣሰራርሓ ካብ ታክስ ነፃ ዝኾነ ገንዘባዊ ሓገዝ ንምትእኽኻብ ዘኽእል ሒሳብ ባንኪ ዝህልዋ እዛ ተግባሪት ኮሚቴ፤ ንኹሎም ዝግበሩ ወፈያታት ኣድላዪ ዝኾነ ሕጋዊ ቅብሊትን ንወፈይቲ ንምንካይ ታክስ ዝሕግዝ ወረቐት ምስክርነትን እውን ብምስንዳእ፤ ዝተማልአ መስርሕ ሒሳብ ዝተኸተለ ምኳኑ ክንሕብር ንፈቱ።

ብምኳኑ እውን ተጋሩ ብምኳኖም ጥራሕ ኣብ ልዕሊ ወገናትና ንዝበፅሐ ኣረሜኔያዊ ግፍዒ ግብረ-ምላሽ ንክኸውን፣ ብተወሳኺ መግለፂ መንነትናን ሓድነትናን እውን ስለዝኾነ፤ ንዝን ዝስዕባ ውሳነታት ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ ክንገልፅ እንተለና፤ ንቱ እዚ ግዜ ዝሓቶ ኩልና ተጋሩ ኣብክሊ እዙ መፀዋዕታ ከምእንሓብርን እንሰምርን እምነትና ፅኑዕ እዩ።

1ይ፤ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፣ ሜሪላንድን ቨርጅንያን እንነብር ተወለድቲ ትግራይን ፈተውትናን ኩሉኹም፤ ካብ ሎሚ ባሕቲ መስከረም 2009 ዓ.ም. (September 11, 2016) ኣትሒዙ፣ እዛ ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ ከባቢና ሙሉእ ምስንዳእ ብምግባር፤ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ግፍሕ ዝበለ ፕሮግራም ምውህላል ገንዘባዊ ሓገዝ ንተመዛበልቲ ወገናትና ከምእተካይድ ኣቐዲምና ንሕብር። ፀዋዒን ተፀዋዒን ብዘይብሉ፣ ኩልና ነበርቲ እዚ ከባቢ ዝኾና ተወለድቲ ትግራይ ተሳተፍቲ ዝኾናሉ ንዙ ምድላው ኣመልኪቱ እውን ኣብ ቐረባ ብዝተፈላለዩ መስመራት ሓበሬታ ተኸታታሊ መልእኽቲ ክበፅሐኩም እዩ።

2ይ፤ ንተመዛበልቲ ተጋሩ ንምሕጋዝ ኣብ መላእ ዓለም ብእንነብር ተወለድቲ ትግራይ ይግበር ንዘሎ ምንቕስቓስ ዘለና ናእዳን ክብርን ብስም እዛ ተግባሪት ኮሚቴ እናገለፅና፤ ምስ ተመሳሰልቲ ኮሚቴታት፤ ብፍላይ ንካናዳ ሓዊሱ ኣብ ከተማታት ሰሜን ኣሜሪካ ዝተጣየሻን ንቕድሚት እውን ዝጣየሻ ንተመዛበልቲ ተጋሩ ዝሕግዛ ኮሚቴታት ብሓባር ንምስራሕ ዘለና ድልውነት ክንሕብር ንፈቱ።

ብምጥቕላል፤ እዙ መሳሲ ዝኾነ ሓባራዊ ተበግሶ ተወለድቲ ትግራይ ንፈተወትን ንፀላእትን ክሕልፎ ዝኽእል ርኡይ መልእኽቲ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ብቐፃልነት ከምሓደ ህዝቢ እንተተንቐሳቐስና ክነዕውቶም እንኽእል ተግባራት ከምዝህልው እምነትና ፅኑዕ እዩ።

ምስዝኽበረ ሰላምታ

ዶ/ር ተስፋይ ተጠምቀ
ኣቦመንበር ተግባሪት ኮሚቴ ረድኤት ተመዛበልቲ ተጋሩ
ዋሽንግተን ዲሲ ሜሪላንድን ቨርጅንያን
1 መስከረም 2009 ዓ.ም. (September 11, 2016)
Email: Tftegarus@Verizon.net